ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ኣብ ዝተፈላለያ ሴክተራት ኣብያተ ፅሕፈት ከተማ መቐለ ዝርከብ ዝተፈላለየ ዘገልገለን ብፀላእቲ ዝዓነወን ዝተሰባበረን ናይ ቢሮ ኣቅሑት፥ ፈርኒቸራትን ኤለክትሮኒክስን ማለት ኮምፒተር ላፕቶፕ፡ ፎቶ ኮፒ ማሽን፡ ፍሪጅ ከምኡ እውን ዝተፈላለየ ናይ መኪና ቅያር ሰፐር ጎማ ፡ ባትሪ፣ ኣሉሙኔም፥ ብረታብረት (ረታመ/ ካልኦትን ወዘተ ንመላእ ነበርትን ንግዲ ማሕበረሰብን ከተማ መቐለ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጉንበት 26, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 5, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 5, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ናይ ዝውገድ ንብረት ግልፂ ጨረታ ምልክታ

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ኣብ ዝተፈላለያ ሴክተራት ኣብያተ ፅሕፈት ከተማ መቐለ ዝርከብ ዝተፈላለየ ዘገልገለን ብፀላእቲ ዝዓነወን ዝተሰባበረን ናይ ቢሮ ኣቅሑት፥ ፈርኒቸራትን ኤለክትሮኒክስን ማለት ኮምፒተር ላፕቶፕ፡ ፎቶ ኮፒ ማሽን፡ ፍሪጅ ከምኡ እውን ዝተፈላለየ ናይ መኪና ቅያር ሰፐር ጎማ ፡ ባትሪ፣ ኣሉሙኔም፥ ብረታብረት (ረታመ/ ካልኦትን ወዘተ ንመላእ ነበርትን ንግዲ ማሕበረሰብን ከተማ መቐለ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።

በዚ መሰረት እዚ ዝስዕብ ረቋሓታት እተማልኡ ተጫረቲ ንክትወዳደሩ ንዕድም

1. ተጫረቲ ዝተሓደሰ ናይ ነባራይነት መለለዪ ካርድ ማለት መታወቅያ ከቕርቡ ዝኽእሉ

2. ዝኾነ ይኹን ንግዲ ፍቓድ ንዘለዎም ድማ ናይ ዘመኑ ግብሪ ብምኽፋል ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ፥ ደኣንት ንዝኾኑ ድማ ዝተሓደሰ ናይ ደኣንት ሰርቲፊኬት ከቕርቡ ዝኽእሉ።

3. ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ከ/ስ/ዕ/ን/ምም/ርን ቢሮ ኬዝቲም ንብረት ምምሕዳር ቁፅሪ 84 ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 25/09/2017 ዓ/ም ጀሚሩ ሰነድ ጨረታ መግዝኢ ብር 100.00 /ሓደ ምኢቲ ጥራሕ ብምኽፋል ምውሳድ ይካኣል።

4. እቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ብፖስታ ዝተዓሸገ ኤንቬሎፕን ናይ ተጫረታይ ሽምን ፊርማን (ማህተም እንተልዩ ማሕተምን) ብምግባር ኣብ ቤት ፅሕፈትና ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ምእታው ይከኣል።

5. ናይ ጨረታ መኽበሪ CPO ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ እውን ብጥረ ገንዘብ 5000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ ብር) ከትሕዙ ኣለዎ።

6. ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ዝዕፀወሉ ዕለት 05/10/2017 ዓ/ም ንጉሆ ስዓት 3:30 ይኸውን።

7. ጨረታ ዝኸፈተሉ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊያን ወኪላት ኣብ ዝተረኽቡሉ ዕለት 05/10/2017 ዓ/ም ንጉሆ ስዓት 4:00 ይኸፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8. ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

9. ኣድራሻና ቀበሌ 03 ድሕሪ እንዳ ማርያም ቤተ ክርስቲያን ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ከተማ መቐለ ህነፃ ኣግኣዚ ኦፐሬሽን/ እዩ።

10. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብኣካል ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ቢሮ ቁፅሪ 84 ቀሪብካ ምሕታት ይከኣል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle